# ምድላው ንህጹጽ ኩነታት፥

## ሓበሬታ ንስደተኛታት

*ነዚ መንሹር ኣንብብዎን ኣብ ቀረባ ኣቐምጥዎ*

**ምሕደራ ንቆልዑን ስድራቤትን**

**ቤት ጽሕፈት ዳግም-ምጥያስ ስደተኛታት**

**ቤት ጽሕፈት ሰብኣዊ ኣገልግሎት ምድላውን መልሰ ግብርን ህጹጽ ኩነታት**



Photo coutesy UNHCR

# EXTRA NOTES



**ንተወሳኺ ሓበሬታ፥**

**ፈደራል ኢመርጀንስይ ማኔጅመንት (FEMA)** – www.ready.gov

**ናይ ኤሜሪካ ቀይሕ መስቀል (American Red Cross)** - www.redcross.org

ዲዛስትር ዲስትረስ ናይ ረዴት ቁጽሪ (Disaster Distress Helpline) – www.disasterdistress.samhsa.gov/
ዚኮነ ሰብ ትፈልጦ ብ ሓደጋ ተተንኪፉ እንተኮይኑን ሓገዝ ይደሊ እንተ ኣሎን፣ ናብ ዲዛስተር ዲስትረስስ ቶል ፍሪ ደውል ኣብ
1-800-846-8517 ን ሓበሬታ፣ ሓገዝን ምክርን። ተርጎምቲ ቋንቋ ኣለዉ።

***ህጹጽ ኩነት*** *ማለት ቅጽበታዊ ጉድኣት ኣብ ጥዕና፡ ሂወት ወይ ንብረት ክህሉ እንከሎ ኢዩ።*

**9-1-1**
**ህጹጽ ኩነታት**

*ኣብ ግዜ ህጹጽ ኩነታት ከም እነ ሓዊ፡ ስርቂ ወይ ከቢድ ናይ ጥዕና ጸገም (ንኣብነት፥ ሕጽረት ምስትንፋስ፣ ሃለዋት ምጥፋእ ወይ ዘየቋርጽ ምድማይ) ብዝኮነ ተሌፎን ናብ **9-1-1** ደውሉ። እንታይነት ናይቲ ህጹጽ ኩነት ምስ ትሕብሩ፣ ግቡእ ዝኮነ ረዲኤት ከም እነ ፖሊስ (Police)፣ ክፍሊ መጥፋእቲ ሓዊ( fire department) ወይ ኣምብዩላንስ (ambulance) ክትረኽቡ ትክእሉ። ሕጽረት ቋንቋ እንግሊዝ ወላ እንተሃለወኩም - ክሕግዝኹም ስለ ዝኽእሉ ን ምሕባር ኣይትደንጉዩ።*

*ብተወሳኺ ንናይ ውልቃዊ ህጹጽ ኩነት፣ ሰፊሕ ናይ ተፈጥሮ ወይ ሰብ ዘስዓቦ ሓደጋታት ክስዕብ ይክእል ኢዩ። ብዙሕ ዓበይቲ ሓደጋታት ኣብ ልዕሊ ሓዊ፣ ሓይሊ መብራህቲ፣ መራኸቢታትን ከቢድ ሳዕቤን ክወርድ ይኽእል ኢዩ።*

*እዞም ዝስዕቡ ሒደት ኣብነታት ናይ ብተፈጥሮ ዘበጽሑ ሓደጋታትን — ሓጺር ምኽሪ ብከመይ ነብስኻን ስድራቤትካን ካብዞም ሓደጋታት ተድሕን ኢዮም። ካልኦት ኣብነታት ናይ ባህርያዊ ሓደጋታት ከም ዕልቅልቕ፣ ባርዕ ሓዊ፣ ከቱር ዋዒ መደረጋሕ ክኮኑ ይክእሉ። ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ፥ http://www.ready.gov/natural-disasters ርአ*

***ህቦቡላ ንፋስ፥*** ሓያል ናይ መጽሞቂ ቅርጺ ዘለዎ ደበና ዝመስል ንፋስ ካብ ሰማይ ናብ መሬት ዚወርድ ኢዩ። ህቦቡላ ንፋስ ህንጻታት ከፍርስ ይክል ኢዩ።





- ከባቢካ ኣብ ትሕቲ መጠንቀቕታ ህቦቡላ ንፋስ እንተ ኣልዩ፣ ብቅልጡፍ ዑቅባ ኣናዲ!
- ኣብ ህንጻ እንተኣሊካ ናብ ታሕተዋይ ደርቢ ኪድ፡ ካብ መስኮትን ኣፍደገን ርሓቅ።
- ዚበዝሑ መጉዳእትታት ካብ ፍርስራስ ዑና ስለ ዚኮኑ፣ ን ሽክና ርእስካ ተከላከለሉ።



## ብዛዕባ ድሕንነትካ ጎረቤትካ ንኽፈልጡ
## እዚ ኣብ መስኮት ግበሮ

# OK

# ን ጎረባብትካ ረዲኤት ከም ዘደልካ ንምሕባር ኢዚ ኣብ መስኮት ግበሮ






***ምንቅጥቃጥ ምድሪ፥*** ሃንደበት ምንቕናቕ ምድሪ። ምንቅጥቃጥ ምድሪ ምጭዳድ ምድሪን ምውዳቅ ህንጻታትን ከስዕብ ይክእል።



- ኣብ ገዛ እንተኣሊካ፣ በጥ በል ኣብ ምድሪ፣ ኣብ ትሕቲ ጽኑዕ ጣውላ ተሓባእ፣ ክሳብ ምንቅጥቃጥ ዘቋርጽ ኣብኡ ጽናሕ።
- ኣብ ደገ እንተኣሊካ፣ ኣብ ክፉት ጽናሕ ክሳብ ምንቅጥቃጥ ዘቋርጽ። ካብ ህንጻታት፣ ናይ ጎደና መብራህቲን ኤሌክትሪክ ስልክታትን ርሓቅ

***ህቦብላ ባሕሪ፥*** ኣብ ውቅያኖሳት ዘፍጠር ዕግርግር ብ ብርቱዕ ንፋስ፣ ከቢድ ዝናብን ነዋሕቲ ማዕበላት ዚተሰነየ። ንፋስን ዕልቅልቅን ን ህንጻታት ከፍርስ ይክእል ኢዩ



- ህቦብላ ኪጋጥም ዝክእል እንተኮይኑ፣ ብ ሬድዮ ወይ ተለቪጅን ስማዕ ከምኡ ውን ኣብ ኢንተርነት ሓበሬታ ድለ።
- ኣብ ውሽጢ ገዛ ኹን፣ ካብ መስኮትን ኣፍደገን ርሓቅ።
- ብሰበ-ስልጣን ምስ ትሕበር ካብቲ ቦታ ግዓዝ ።

***ናይ ሓጋይ ማዕበልን ከቱር ዛሕልን፣ ብርቱዕ ወርጪ*** ዝሑል ኣየር፣ ብርቱዕ ንፋስ ከምኡ ውን በረድ።



- ኣብ እዋን ማዕበል ኣብ ገዛ ኩን።
- ንቁጽ ልበስ። ትርኩስ ክዳን ናይ ነብስካ ሙቀት ስለ ዝወስዶ።
- በረድ ዘለዎ ጽርግያ ንሓደጋ ስለ ዘቃልዕ ኣገዳሲ እንተዘይኮይኑ ኣይትዘውር።
- ንመሞቂ፣ እቶን ኣብ ገዛ ኣይትጠቀም።

*እዞም ዝሰዕቡ ኣብነታት ሰብ ካብ ዘስዕቦም ሓደጋታትን ሓጺር ምክሪ ብከመይ ነብስኻን ስድራቤትካን ካብዞም ሓደጋታት ተድሕን ኢዮም። ተወሳኺ ኣብነታት ከም ሓደጋ ናይ ምንጪ ኑዩኪልያር ሓይሊ፣ ሕጽረት ሓይሊ መብራህቲ፣ ግብረ ሽበራ የጠቓልል። ብተወሳኺ ኣብ፥ http://www.ready.gov/accidental-emergencies ረአ*

***ኬሚካላዊ ሓደጋታት፥*** ገለ ኬሚካላት ብሃንደበት ምስ ዚፍነዉ ንህንጻታት ከዕንዉ ከምኡ ውን ንጥዕና ጎዳእቲ ክኮኑ ይክእሉ። ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት ምፍንጃር ከጋጥም ይክል፥ ኣብ ካልኦት ድማ ዘይርአን ዘይጨኑን ክከውን ይክእል።



- ብ ሬድዮ ወይ ተለቪጅን ስማዕ ከምኡ ውን ኣብ ኢንተርነት ሓበሬታ ድለ።
- ብ ሰበ-ስልጣን ምስ ትሕበር ካብቲ ቦታ ግዓዝ።
- ኣብ ገዛ ክትጸንሕ እንተ ተሓቢርካ፣ መሳኩትን መዓጹን ዕጾ። ኩሉ ነኺላት ሕተም።

ባርዕ፥ መዓልታዊ ኤሜሪካውያን ባርዕ የጋጥሞም ኢዩ። ባርዕ ብቕልጡፍ ስለዚላባዕ ንኪትሃድም ቅሩብ ደቓይቕ ኢዩ ዝህልወካ።



ሓባሪ ትኪ ኣብ ሰንቀ ኣሎ። ኣብ ግዜ ትኪ ዓው ዚበለ ደወል ይገብር። ባትሪ ከም ዚሰርሕ ኣረጋግጽ ከምኡ ውን ዓመታዊ ተክእዮ።

- ደወል ሓባሪ ትኪ ምስዝሕብር ቀልጢፍካ ዉጻእ።
- ትኪ ምስ ዚህሉ፣ ብትሕቲኡ ተንፏሒኽኻ ውጻእ።
- ክዳንካ ሓዊ ምስ ዝሕዝ፣ ኣብ መሬት በጥ በል፣ ገጽካ ብ ኢድካ ሸፊንካ ኣንከራሩ ክሳብ እቲ ሓዊ ዚጠፍእ። ቀልጢፍካ ሕክምናዊ ረዲኤት ሕተት።
- ክትወጽእ ኣንተ ዘይኪእልካ፥ ትኪ ከይኣትወካ ኣፍ ደገ ዕጾ ናይ ኣየር መእተውን ነቃዕን ሽፍኖ። 9-1-1 ደዊልካ ዘለካዮ ቦታ ሓብሮም።



# ካብ ናይ ካርቦን ሞኖክሳይድ ምምራዝ ተጠንቀቕ!

*ኣብ ግዜ ሓደጋ፣ ሕጽረት ሓይሊ መብራህቲ ከጋጥመካ ይክእል ኢዩ። እብዚ ገጽ ከመይ ምሙማቕ ወይ መግቢ ምስራሕ ብዘይ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ናብ ምምራዝ ካርቦን ሞኖክሳይድ ከምዚመርሕን ብከመይ ነብስካ ከም ትካላከለላን ይገልጽ።*

ካርቦን ሞኖክሳይድ ዘይረኤ፣ ዘይጨኑ፣ ዘይምቅር ጋዝ ኮይኑ  ሓደገግኛን ብዙሕ እንተ ተተንፊሱ ድማ ናብ ሞት ክመርሕ ዚክእል ኢዩ። ካርቦን ሞኖክሳይድ ብ ምቅጻል ነዳዲ ኢዩ ዚፍጠር። ኣብ ገዛ ነዳዲ ምቅጻል ንካርቦን ሞኖክሳይድ ክስስን ዕድል ይህብ ከምኡ ውን ናብ ሞት ይመርሕ።

- ናይ ጋዝ እቶን ንምሙማቕ ገዛ ኣይትጠቀም።
- ኣብ ዉሽጢ ገዛ ብ ፈሓም ወይ ሚሐ መጥበሲ መግቢ ኣይትስራሕ።
- ተንቀሳቃሲ ጀነነተር ኣብ ገዛ፣ ጋራጅ ወይ ካርፖርትስ ኣይትጠቀም። ተንቀሰቃሲ ጀነነተር ብበንዚን ዚሰርሕ ማሺን ኮይኑ ኣብ ኤሌክትሪክ ዘይብሉ ንሒደት  ናይ ኤሌክትሪክ ኣቕሑት  ክንጥቀም ሓይሊ ኤሌክትሪክ ይህብ።
- ጀነነቶር ኣብ ግዳም ካብ መሳኩትን ቀዳዳትን ሪሕቅካ ጥራይ ተጠቀም።
- ብዘይ ዚሰርሕ ምውጽኢ ትኪ ሓዊ ኣይትወልዕ።
- ኣብ ገዛካ ዚሰርሕ ናይ ሓባሪ ካርቦን ሞኖክሳይድን ትኽን ከም ዘሎ ኣረጋግጽ።

**ምልክታት ናይ ካርቦን ሞኖክሳይድ ምምራዝ፥**

ሕማም ርእሲ፣ ድካም፣ ሕጽረት ምስትንፋስ፣ ጽርውርው፣ ዕግርግር

**መርዝነት ካርቦን ሞኖክሳይድ እንተ ተሰሚዑካ፥**

ካብ ገዛ ውጻእ ጽሩይ ኣየር ካብ ግዳም ድማ ውሰድ። ሕክምናዊ ረዲኤት ከኣ ሕተት

ሓባሪ ካርቦን ሞኖክሳይድን ትክን ሓደ-ሓደ ግዜ ኣብ ሓደ መሳርሒ ክሕወስ ይክእል ኢዩ ወይ ኣብ በበይኑ መሳርሒ ክከውን ይክእል ኢዩ። ኣብ ገዛካ ዘሎ ኣየናይ ሙካኑ ፍለጥ!



# ዚኮነ ሕማቅ  ምስ ዘጋጥም

***ኣብ ኣባላት ስድራቤትካ ዚኮነ ጉድኣት ከይህሉ ፈትሽ፥***

- እቲ ሰብ ብዙሕ መድመይቲ እንተ ሃሊዩዎ፣ ነቲ ቑስሊ ጺቀጦ ከምኡ ድማ እንተ ተካኢሉ ነቲ ክፍሊ ኣካል ሓፍ ኣብሎ መድመይቲ ክጎድል።
- ነቲ ሰብ ኣህድኣዮን ኣብ ውሑስ ድማ ግበሮ።
- ነቲ ሰብ ምዉቅ ግበሮ።
- 9-1-1 ደውል ንሓገዝ።



***ኣመት ገዛካ ምግባር፡***

- ብ ሬድዮ ወይ ተሌቪዥን ስማዕ ከምኡ ውን ኣብ ኢንተርነት ሓበሬታ ድለ።
- ናኣሸቱ ባርዓት ብ ተንቀሳቃሲ መጥፍኢ ሓዊ ጌርካ ኣጥፍኣዮ።
- ኣብ ግዜ ሓደጋ ከመይ ጌርካ ማይ፣ ሓይሊ መብራህቲን ጋዝን ተጥፍእ  ተመሃር።
    - ኣብ ግዜ ሓደጋ፣ ዚወሃብ ማይ ብኩል ክከውን ይክእል ኢዩ። ናብ ገዛካ ዝመጽእ ማይ ኣጥፍኣዮ ክሳብ ሰበ-ስልጣን ብዛዕባ ውሕስነቱ ዚነግሩካ።
    - ሓይሊ መብራህቲ ካብቲ ቀንዲ ገርዚ ናይ ኤሌክትሪክ ኣጥፍኣዮ ዝኮነ ማሕታ ምስ ኣትርኢ።
    - ዝሎሓኸ ጋዝ ምፍንጃር ከስዕብ ይክእል ኢዩ። ጋዝ ይልሑክ እንተ ኣሎ ናይ ዚትበላሸወ እንቋቅሖ ጨና ይህብ። እንተ ጨንዩካ ወይ ምፍንጃር ሰሚዕካ፣ መስኮት ክፈትካ ናብ ግዳም ውጻእ። ካብ እንዳ ጎረቤትካ ኾይንኻ ን ጋዝ ኩባንያ ደውለሎም። እንተ ጋዝ ኣጥፊካያ ኔርካ ኩባንያ ጋዝ ትራሕ ክከፍትዋ ይግባእ።







# ምጅማር

*ንሓደጋ ኣቀዲምካ ክትዳሎ ትክእል ኢካ። ረዲኤት ክሳብ ዝመጽካ፣ ነብሰኻን ስድራቤትካን ኣዳሉ፣ መታን ኣብ ግዜ ሓደጋ ናበይ ከምእትኸይድ ወይ እንታይ ከም እትገብር ክትፈልጥ። እዞም ዝስዕቡ ገጻት ብከመይ ከም እትዳሎ ሓበሬታ ይህቡ።*

እቶም ኣብ ከባቢካ ከጋጥሙ ዚክእሉ ሓደጋታ ፍለጥ። ብከመይ ንነፍሲ ወከፎም ትዳሎ ኣንብብ። ምስ ስድራቤትካ ተዛረብ ብዛዕባ እንታይ ክገብሩ ከም ዘለዎም ቅድሚ ሓደጋ፣ ኣብ ግዜ ሓደጋን ድሕሪ ሓደጋን። ኩሉ ኣባል ናይቲ ስድራቤት በየን መውጽኢ ከም ዘሎን ኣበይ መጥፍኢ ሓዊ ከም ዚርከብ ክፈልጥ ይግባእ።

ንስካን ስድራቤትካን ድሕሪ ሓደጋ እንተ ተሰኣኢንኩም ከምኡ ውን ገዛ ክትከዱ ዘይትክእሉ ኮይንኩም፣ ኣበይ ከም ትራከቡ ተዘራረቡ። እቲ መራከቢ ቦታ ኣብዚ ጽሓፍ:________________________________________

ኣብ ገዛ ክትጸንሕ ዘይትክእል እንተ ኮይንካ፣ ምስ ዓርክኻ፣ ዘመድ ወይ ሓላዩ ሰብ ተጸጋዕ። ኣብዚ ናታቶም ኣድራሻ ጽሓፍ፥
ስም፥ ____________________ ተሌፎን፥ ______________ ኣድራሻ፥ ____________________________

ድሕሪ ገለ ሓደጋታት፣ ህጹጽ መዕቖቢ ክግበር ይክእል ኢዩ። ካብ መራከቢ ብዙሓን ወይ ሰባት ናብቲ መዕቖቢ ምካድ የድልየካ እንተ ኮይኑ ሕተት።

እቲ ሓደጋ ዓቢ እንተ ኮይኑን ብዙሓት ሰባት ውን ተጎዲኦም እንተ ኮይኖም፣ ሰራሕተኛታት ህጹጽ ኩነት ቀልቲፎም ክሕግዙኹም ኣይክእሉን ኢዮም። ንስድራካን ነብስኻን ንኣስታት 4 መዓልቲ ወይ ልዕሊኡ ከም ዕቤት እቲ ሓደጋ ክትረድእ ተዳሎ።

# ምድላው

## ናይ ህጹጽ ኩነት ኣቕሑት ኣብ ገዛ ኣጽንሓዮ

**ኣብ ግዜ ህጹጽ ኩነታት ዘድሊ ነገራት ኣብ ሓደ ቦታ የቀምጥ**

☐ ናይ ቀዳማይ ረዲኤት ኣቕሑት (ፋሻ፣ ጸረነፍሳት ቅብኢ፣ መቐስ፣ ወረጦ፣ ርቡዕ ኩናዕ ፋሻን ጸረ ረክሲን ከጠቃልል ኣለዎ)




☐ ብባትሪ ትሰርሕ ወይ ብኢድ ትጥወ ረድዮ (ኤሌክትሪክ ምስ ከደ)




☐ ላምባዲናን ባትርን





☐ ፊስካ ን ረዲኤት መጸውዒ



☐ ፕላስተር



☐ ወረቐትን ርሳስ/ፒሮ



☐ መድሃኒታት



☐ ትሪር ሳእንን ጓንትን





☐ ዕሹግ መግቢ/ ድሩቕ መግቢን ታኒካ መክፈትን



ን

☐ ናይ ቆልዑ ኣቕሑት



☐ ናይ ጉሓፍ ቦርሳን ናይ ቆልዓ መወልወሊ/ ሶፍት/ ሽጎማኖታትን ን ጽርየት



☐ ዚሰርሕ ዘሎ ነገር ኩሉ ኣጥፍኣዮ



☐ ተወሳኺ ገንዘብ



**ንኣርባዕተ መዓልቲ ዚኣክል እኹል መግቢን ማይን ሓዝ፥**

- ሓደ ጀሪካን ማይ ን ሓደ ሰብ ን መዓልቲ ሓዝ።
- ______ክንድዚ ሰባት ኣለና ኣብ ስድራና x 4 መዓልቲ =_______ ጀሪካን ማይ።



# ኣገደስቲ ሰነዳት

**ኣበይ ኣገደስቲ ሰነዳትካ ይቕመጥ ፍለጥ። ኣብ ሓደ ቦታ የቀምጦም።**

**ገዛካ ክትገድፍ ኣንተ ኣልዩካ ምሳካ ተማላኣዮም።**












☐ ናይ ልደት ምስክር/ I-94 ፎርም

☐ ፓስፖርት/ ፍቃድ መምርሒ መኪና/ ካልኦት መለለይታት ምስ ስእሎም

☐ ናይ ጸጥታ ወረቃቅቲ

☐ ናይ መድሕን ወረቃቅቲ

☐ ቅዳሕ ናይ ATM/ ክረዲት ካርድን ናይ ባንክ ሓቤረታን

☐ ቅዳሕ ናይ ዕዳ/ ለቓሕን

☐ ናይ ቀረባ ግዜ ናይ ቐረጽ መክፈሊ

☐ ናይ ክታበት ጸብጻብ

☐ ካልኦት ሰነዳትን፡ (ዘርዝርዎ)________________________________________

________________________________________

# ኣገደስቲ ኣስማትን ቁጽሪ ስልክን

- ናይ ገዛ ቁጽሪ ተሌፎንን ቁጽሪ ተሌፎን ናይ ነፍሲ ወከፍ ኣባል ስድራቤት፥ ____________________
  ____________________
- ስራሕ፥____________________
- ፋርማጫ ቤት መድሃኒት፥ ____________________
- መጀመርታ ርእሲ/ ክንክንቲ ቆልዓ፥____________________
- ቤት- ትምህርቲ፥ ____________________
- በዓል ገዛ/ ናይ ትሕጃ ኩባንያ፥____________________
- ገዛ/ መድሕን ከራይ፥ ____________________
- ዉሕስነት መኪና፥ ____________________
- ኩባንያ ኤሌክትሪክ፥____________________
- ኩባንያ ጋዝ፥____________________
- ኩባንያ ማይ፥ ____________________
- ናይ ከተማ ሓበሬታ፥____________________
- ኣውተቡስ/ ሓበሬታ መጓዓዝያ፥ ____________________
- ሃይማኖታዊ ርክባት፥____________________
- ኣዝማድ፥____________________
- መሓዙት፥____________________
- ዳግም ዘጣይስ ትካል፥____________________
- ጉዳይ ኣዳላዊ፥____________________







# ድልው ምኳን፥

## *ናይ ህጹጽ ኩነታት ኣቁሑ ኣዳሉ ንምኻድ ውን ድሉው ኩን*

**ምናልባት ገዛካ ሓዲግካ እንተከድካ ኣድላይ ነገራት ቅሩብ ይኩን፥**

- ☐ ሕክምናዊ ረዲኤታት (ሓኪም ዘኣዘዞ ፈውስታት)
- ☐ ሕክምናዊ ኣቅሑት
- ☐ ተንቀሳቃሲ ተሌፎናትን ቻርጀርን
- ☐ ውልቃዊ ጥዕና መሐለዊ (መሕጸቢ ስኒ፣ መመሸጥ)
- ☐ መነጸር፣ ኣብ ዓይኒ ዚጠብቅ መነጸር፣ ኣርተፊሺኣል ኣስናን
- ☐ ምቹእ ሳእኒ
- ☐ ቅያር ክዳን
- ☐ መዕቀል ዝናብ ጽላል
- ☐ ባንቡላ ወይ መጻወቲ ቆልዑ
- ☐ መዘናግዒ ነገራት(ጥረምረ፣ ዕሹግ መግቢ፣ መጽሓፍ)
- ☐ ጥረ ገንዘብን መዝገብ ሕሳብ
- ☐ ኣድላዪ ሰነዳት
- ☐ መፋትሕ











**ፍሉይ ኣቅሑት ን ህጻናትን ቖልዑን፥**

- ☐ ጥጦ
- ☐ ሽጎማኖ ናይ ህጻን
- ☐ ናይ ህጻን ጸባ፣ ናይ ህጻን መግቢ፣ ስድርያ ቆልዓ
- ☐ ናይ ቖልዓ መሐበሲ
- ☐ ናይ ጉሓፍ ቦርሳ
- ☐ ቅብኢ ንመከላከሊ ዕንቋሩር ኣብ መዓኮር ቆልዓ
- ☐ መድሃኒት ረስኒ ቆልዑ/ መውግኢ መርፍእ
- ☐ መዐቀኒ ሙቀት
- ☐ መህድኢ
- ☐ ናይ ቆልዓ ኮበርታ
- ☐ ጥዕና ኢድ መሐለዊ





# ሕክምናዊ ሓበሬታ ናይ ነፍሲ ወከፍ ኣባል ስድራ ቤት

*ኩሉ ሓበሬታ ኣብ ሓደ ክትረኽቦ፣ ሕክምናዊ ሓበሬታ ናይ ነፍሲ ወከፍ ኣባል ስድራቤትካ ምላእ። ኣብ ግዜ ህጹጽ ኩነት፣ ሕክምናዊ ሓገዝ ምስ እትደሊ እዚ ሓበሬታ ንናይ ጥዕና ሓላዊ ኽትህቦ ትክእል ኢኻ፣ ወይ ድማ ን ናይ ህጹጽ ኩነታት ሰራሕተኛ ሓለዋ ጥዕና ከተርእዮ ትክእል።*

- ስም፥ ______________________
- ሓኪም/ ክሊኒክ፥ ______________________
- ቴሌፎን፥ ______________________
- ዓይነት መድሕንን ቁጽሪን፥ ______________________ ______________________

ቁጥዔ፥ ______________________
ሕክምናዊ ኩነታት፥ ______________________ ______________________
ህልው ሕክምናዊ ሓገዛት፥ ______________________ ______________________

---

- ስም፥ ______________________
- ሓኪም/ ክሊኒክ፥ ______________________
- ቴሌፎን፥ ______________________
- ዓይነት መድሕንን ቁጽሪን፥ ______________________ ______________________

ቁጥዔ፥ ______________________
ሕክምናዊ ኩነታት፥ ______________________ ______________________
ህልው ሕክምናዊ ሓገዛት፥ ______________________ ______________________

---

- ስም፥ ______________________
- ሓኪም/ ክሊኒክ፥ ______________________
- ቴሌፎን፥ ______________________
- ዓይነት መድሕንን ቁጽሪን፥ ______________________ ______________________

ቁጥዔ፥ ______________________
ሕክምናዊ ኩነታት፥ ______________________ ______________________
ህልው ሕክምናዊ ሓገዛት፥ ______________________ ______________________



# ሕክምናዊ ሓበሬታ ንነፍሲ ወከፍ ኣባል ስድራ ቤት



- ስም፥ ______________________
- ሓኪም/ ክሊኒክ፥ ______________________
- ቴሌፎን፥ ______________________
- ዓይነት መድሕንን ቁጽሪን፥ ______________________ ______________________

ቁጥዔ፥ ______________________
ሕክምናዊ ኩነታት፥ ______________________ ______________________
ህልው ሕክምናዊ ሓገዛት፥ ______________________ ______________________ ______________________

---

- ስም፥ ______________________
- ሓኪም/ ክሊኒክ፥ ______________________
- ቴሌፎን፥ ______________________
- ዓይነት መድሕንን ቁጽሪን፥ ______________________ ______________________

ቁጥዔ፥ ______________________
ሕክምናዊ ኩነታት፥ ______________________ ______________________
ህልው ሕክምናዊ ሓገዛት፥ ______________________ ______________________ ______________________

---

- ስም፥ ______________________
- ሓኪም/ ክሊኒክ፥ ______________________
- ቴሌፎን፥ ______________________
- ዓይነት መድሕንን ቁጽሪን፥ ______________________ ______________________

ቁጥዔ፥ ______________________
ሕክምናዊ ኩነታት፥ ______________________ ______________________
ህልው ሕክምናዊ ሓገዛት፥ ______________________ ______________________ ______________________